## *(ኣቲ ሕላገት ዓደቦይ'' ኣውሊዔይ መለይ'' ዓገብ እባ በልለይ)*



*መልሲ ኣህዛብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብዚ ውግእ እንታይዩ ናታቶም ረብሐ''ህዝቢ ኤርትራ ንመግዛእቲ ኢትዮጲያ ብቅልጽሙዩ ዝሰዓረ'' ሕጂ ግን ኢድ ለሚሳ መልሐስ ነዊሐ።*

*ኣትማን ሳሕል መታለልቲ''ብተመን ዝሰንበደ ብልሕጺ ተዳህለ'' ህዝብና ብለመጭ መልሐሶ ክንደይ ግዜ ዘይተታለለ''ኤርትራዊ መንእሰይ ብሐይሊ ህግደፍ እንበር ብድልየቱ'ድዩ'ናብ ውግእ ዝኣቱ'' እወ ዝብል እንተሎ መታለሊ''ህግደፍ ብደገን ብውሽጥን ዋህዮታት መዳኸርቲ ኣለውዎም ዶ እወ''ህዝቢ ኤርትራ ኣያ ሲኢኑ እንበር ጸረ ጉጅለ ኢሰያስ ሐዊ ሐዊ ምጨነወ''ንጭፍራ ህግደፍ ካብ ሲሩ መመሐው።*

*ዝበልዔት ከብዲ.ኣይትደልን እያ መዓዲ፥ህወሐት ከ ብደገን ብውሽጥን ዋህዮታት ኣለውዎም ዶ እወ''ህዝቢ ትግራይ ውን ብሐይሊ ህወሐት እንበር ብድልየቱ ኣይኮነን ናብ ውግእ ዝኣቱ''ህዝብን ወያነን ሐደ እዮም ዝብል እንተሎ መታለሊ''ህዝቢ ሰላምን ርግኣትንዩ ዝደሊ'' መንዩ ዓይኑ እንዳ ረኣየ ናብ ሐዊ ዝኣቱ''ተሐለቅቲ ጉጅለ መቐለ'' ምስ ህዝቢ ትግራይ የብልናን ጾልኢ ንዝበለ ጨለ''ኣብ ሐቂ ዝተመርኮሰ ሎሚ ጨለ ጸባሕ ጨለ''ኣህዛብ ኤርትራን ኤትዮጵያን ካብ ህግደፍን ብልጽግናን ህወሐትን ኣይጸበዩን ሐኸለ ኣኸለ።*

*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና''ስዕረት ንዘይ ናቶም ዝምነዩን ኣሜን በሃልትን''ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ክሰፍን ንጸሕተርቲ ውግእ ሐቢርና ንኹንን''ካብ ሰናይ ጉርብትና ዝምነ'' ውሽጡ ሑሩር በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን 22 ጥቅምቲ 2022።*